ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرتري
مكتب الإعلام والثقافة


**ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT**
**INORMATION & CULTURAL OFFICE**
ensf.info@gmail.com

# *ዜናን ሓተታን !!*

## *ስርዓት ህግደፍ፣ መሬት ኤርትራ ኣይኮነን ዝብሎ ዝነበረ ቦታታት ብወትሃደራዊ ሓይልታቱ ተቖጻጺሩ።*

*ሰራዊት ኤርትራ፣ ኣብ ደቡባዊ ምስራቅ ዶባት ኤርትራን ኢትዮጵያን (ደንካልያ)፣ ዝርከብ ገለ ቦታታት፣ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘእተወ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ሓቢሮም። ሓይልታት ኤርትራ፣ ካብ'ቲ ዓሪዶሙሉ ዝጸንሑ ቦታ፣ ካብ 10 ክሳብ 20 ኪሎመትር ዝኸውን ዑምቀት፣ ብምእታው "ብሮ"ን ከባቢኡን ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሮም ኣእቲዮም ምሃልዎ ተፈሊጡ።*

*"ብሮ" ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ወደብ ዓሰብን፣ ደቡብ ከተማ "ዕዲ"" "ኣዮመንን" ከምኡ'ውን ጥቓ ስዱሓ ዔላን እትርከብ ዓዲ ኢያ። ንውግእ ዝዓሎ ዘሎ ዝመስል ሰራዊት ኤርትራ፣ ኣብቲ ተቖጻጺርዎ ዘሎ ቦታታት፣ ንዓንዶ ይኹዕትን ድፋዓት የዳሎን ምህላዉ እቲ ዝበጽሓና ዜና ኣረጋጊጹ።*




*ብሮ፣ ማእከላይ ቦታ "ሰልጠናት ብሮ" ከም ዝኾነትን፣ ናይ መጨረሽታ መራሒኣ ከኣ፣ ሱልጣን መሓመድ ኣሓ ዝተባህለ፣ ኣቦ'ቲ ፍሉጥ ተጋዳላይ ኣሕመድ ኣሓ ኢዩ። "ብሮ" ሳልሰይቲ ሰልጣና ናይ ዓፋር ኢያ። እተን ዝተረፋ ክልተ ከኣ፣ "ሰልጠናት ራሓይታን" "ሰልጠናት ኣሳሓይታን" ኢየን። ማእከላይ ሰፈር ሰልጠናት "ብሮ" ኣብ'ታ ናይ ጥንታዊት ወደብ "በይሉል" ኢዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ብሰንኪ ጸጥታዊ ምኽንያታት ናብዚ ሎሚ ትረከበሉ ዘላ ሰፈር ከም ትግዕዝ ኮይኑ።*

*ሱልጣን መሓመድ ኣሓ፣ ቀጻሊ ርኽክብ ምስ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝነበሮ ኮይኑ፣ ሓያል ደጋፊ ቃልሲ ህዝቡ ኢዩ ነይሩ። ብዙሕ ገንዘባውን ንዋታውን ሓገዝን፣ ከምኡ'ውን ብረትን ጠያይትን ንሰውራ ኤርትራ ካብ'ቶም ዘበርከቱ ዓቢ ሃገራዊ ኢዩ። ሱልጣን መሓመድ ኣሓ ካብ ዘመሓድሮ ዝነበረ ከባቢታት፣ ከም'ቲ ካልእ ቦታታት ኤርታትራ፣ ብዙሓት ናብ ገድሊ ተሰለፉ። ካብኣቶም ከኣ ሃገራዊ ግብኦም ፈጺሞም ዝተሰውኡ ውሑዳት ኣይኮኑን።*

*ኤርትራ ነጻ ድሕሪ ምውጻኣ፣ ብኢደ ወነኑ ሰልጣን ዝመንዘዐ ጉጅለ ህግደፍ፣ ነቲ ከባቢ'ቲ፣ ከምቲ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዝገበሩ፣ ፈጺሙ ኣይተገደሰሉን ጥራሕ ዘይኮነስ፣ መሬት ኤርትራ ኣይኮነን ክብል ተራእዩ። ነዚ ዘረጋግጽ ከኣ፣ ኣብ መጀመርታ መዋእል ናጽነት፣ ኣብቲ ዞና ጥምየትን ዓጸቦን ተዘርጊሑ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ ኣብ'ቲ ብግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ ዝተመደበ ኣመሓዳሪ ከተማ ዓሰብ ኣቶ ሮሞዳን መሓመድ ኑር፣ እዚ ቦታ'ዚ ኣብ ትሕቲ ናይ*

*ኤርትራ ግዝኣት ኣይኮነን ብዝብል ምስምስ፣ ረዲኤት ንከይዕደሎም ገይሩ ምንባሩ ኣብዚ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ኣይንመርጽን። ካብ'ዚ ርዲኢት'ዚ ብምንቃል ከኣ፣ ስርዓት ህግደፍ ኣብ'ቲ ቦታ ንዝነብር ህዝብና ኣብ 1993 ኣብ ዝተኻየደ መስርሕ ሃገራዊ ረፈራንዶም ከም ዘይሳተፍ ገይሩ ኢዩ። ሓደጋ ናይዚ ተግባር'ዚ ዝተረደአ ስዉእ ተጋዳላይ መሓመድ ኣቡበከር "ሎምምባ"፣ ኤርትራ ብምብጻሕ ምስ ሓለፍቲ ህዝባዊ ግንባር ተረኺቡ፣ እዚ ወሲዶም ዘለዉ ግጉይ መርገጽ፣ ዳግማይ ርእይቶ ክገብርሉ ምዕድኦ ኣቕሪቡ ከብቕዕ፣ ዝሰምዖ ሰብ ግን ኣይረኸበን፣ እቲ ስርዓት ከኣ ኣብቲ ደረቕ መርገጹ ቀጸለ። ድሒሩ ከም ዝበርሀ ግን፣ ጉጅለ ህግደፍ ስልጣን ብኢደ ወነኖ ምስ በሓቶ፣ ካም'ቲ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ኤርትራ ዘዘውተሮ ግጉይ መርሆ፣ መሬት ደንካልያ እምበር ናይቲ ቦታ ደቀባት ከም ዘየገድሶ ብዘየማትእ ኣመስኪሩ ኢዩ። ኣብ ልዕሊ ዜጋታትና ኣብ'ቲ ዞና'ቲ፡ ናብርኦም ብነጻ ድልየቶም ንኸየማሓድሩን፣ ጸጋታት ናይ ዝተቓለስሉን ዝተሰውኡሉን ናጽነት ንኸየስተማቕሩ፣ ዝተፈላለየ መሰናኽላት እንዳፈጠረ፣ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ሃገሮም ራሕሪሖም ከም ዝሰደዱ ድሕሪ ምግባር፣ ኣብ ገዛእ መሬቶም ድማ ብዝተፈላየ ሜላታት ዲሞግራፊያዊ ልወጢ ኣታኣታተወ።*

*ስርዓት ህግደፍ፣ ኣብዚ ግዜ'ዚ ውግእ ምጽሕታሩ፣ እንታይ ጠቕሚ ኮን ከረጋግጽ ደሊዩ ኢዩ ዝብል ሕቶ ኣብ ቅድሜና ተገቲሩ እነሆ። ብሰንኪ ሃላሊ ፖሊሲ ጉጅለ ህግደፍ፣ ኣብ ባድመ ዝተባረዐ ከንቶ ውግእ፣ ህዝብና ብኣሽሓት ዝቝጸር ህይወት ብሉጻት ደቁ ከፊሉ፣ ሰፊሕ መሬቱ ስለ ዝዓነወ፣ ኣማእት ኣሽሓት ካብ መሬቶምን ዓዶምን ከም ዝተመዛበሉ፣ ደም እና ነበዕና እንዝክሮ መሪር ታሪኽ ኢዩ። ሕጂ ኸ ምልካዊ ጉጅለ ህግደፍ፣ ነጋሪት ውግእ ዘወቕዕ ዘሎስ፣ ንህዝብና ዳግማይ ንምድማይን ንመሬትና ኸኣ ከባድም ስለ ዝሃቀነ ዲዩ?*
*ድሕሪ ውግእ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፣ ውጽኢት ናይ ዝገምገመ ጸብጻብ ኣኼባ መራሕቲ ሰራዊት ኤርትራ ኤርትራ ሊሒኹ ከም ዝነበረ ዝዝከር ኮይኑ፣ ሃገርና ልዕሊ 70 ሽሕ መስዋእቲ ከም ዝከፈለት ኣብቲ ጸብጻብ ሰፊሩ ምንባሩ ንዝክሮ ጉዳይ ኢዩ። ሓደ ካብ'ቶም ተሳተፍቲ ናይቲ ኣኼባ፣ እዚ ቍጽሪ'ዚ ምስ ሰመዐ "ሎሚ ህዝቢ ኣጥፊእና" ክብል ከም ዝገለጸ ኣብቲ ግዜ'ቲ መዛረቢ ጉዳይ ከም ዝነበረ መብዛሕቲኡ ሰብ ዝፈልጦ ሓቂ ኢዩ።*

*ድጊምና እንልዕሉ ሕቶ፣ ሕጂ ኸ ጉጅለ ህግደፍ ንህዝብና እንታይ ዓይነት ዋጋ ከኸፍሎ ይደሊ ኣሎ !!!??*

*"ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ !! "*

*ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን*
*ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ*
*01 የካቲት 2017*